<u>**ኣተሓሳስባ ወያነ ስፍሓቱ ክንዲ ኣፍ ዕትሮ።**</u>

ወያነ ጸማም ጸባብ ኣእሙሮ፡
ሰማይ ስፍሓቱ ዝመስላ ክንዲ ኣፍ ዕትሮ፡
ከመይ ጌራ ንሓፋሽ ክትስዕሮ።

ጃንዳ ጠንባር ረጋጺት መኣዲ፡
ኣብ ክንዲ ሰላም ጌራ ተማሓድር ዓዲ፡
ህዝቢ ትፈላሊ ብሃይማኖት ብትውልዲ።

ሕጂ'ዶ ይሓይሽ ኩሉ ምስተላዕለ፡
ህዝቢ ኢትዮጵያ መሰለይ ምስበለ፡
ኣበይኮን ትሕክሊ ዝምባብወ'ዶ መቐለ።

ጃንዳ ዋላ እቶም እሩሩ ዝብሉኺ፡
ኣይምሰልኪ ደው ዝበሉ ምሳኺ፡
ሑሴን ሙባረኽ ኣብነት ይኹንኪ።

ዓይኒኺ ሓውሊሉ ብሕሱም ቅንኢ፡
በስምኣም/ብስሚላህ ኢልኪ ናትኪ ከይትበልዒ፡
የማን ጸጋም ትብሊ ብሂራት ከተዋቕዒ።

ህወሓት ጠስጢሳ ከም ዝኣረገ ኸሻ፡
ዕብድብድ ኢላ ፈጺማ ጠሪሻ።
ዕንድንድ ትብል ዘይብላ ኣድራሻ፡

ጃንዳ ዘክሪ ሕሉፍ ታሪኽኪ፡
ህዝቢ ኤርትራ ከም ውሉዱ ክሓቕፈኪ፡
እንሆ መርገም ጥልመት ኣርኪቡልኪ።

ብሂወቱ ዝሞተ ዝበሃል ምሳለ፡
ክፍኣትኪ ኩሉ ምስ ገንፈለ፡
ለካስ ሓቂ እዩ እቲ ዝተመሰለ።

ህዝቢ ኦሮሞ ኩሉ ምስ ተላዕለ።
ዋዛ ከይመስለኪ ኣምሓራ ምስ ነቐለ፡
ህዝቢ ጎንደር ኣየዕርፍን ኣላሽ ከየበለ።

ጃንዳ ኣብ ጉድጓድ ኣትያ ጉድጓድ ትፍሕር፡
ትሕባእ መሲሉዋ ካብ ነበልባል ዘይምሕር፡
እንታይ ታሪኽ'ያ ንዎሎድኣ ክትምህር።

ማእለሊት ክፍኣ ክትሸፍን ትውንጅል ሃገራት፡
ኤርትራ ኣዋፊራቶም ትብል ነቶም ጭቁናት፡
ይነግር ኣሎ ደሞ እቶም ንጹሃት።

ዑሱባት ኮራኩር ኣብ ኹሉ ኣዋፊራ፡
መሲሉዋ ቅልጽም ሓፋሽ ዝምሕራ፡
ሎምስ ጨርቃ ደርብያ እምብዛ ኣንጸርጺራ።

ኣኽላባት ክነብሑ ካብ ቀደም ንቡር እዩ፡
ሰብ ከም ከሊ ክነብሕ ግን ነውሪ እዩ፡
ገመል ሓዋይ ጉዕዝኡ ክቕጽል እዩ።

ብዛዕባ ጃንዳ ብዙሕ ምተባህለ፡
ኣሽሓት ኣሎ ክፍኣት ዝተዋህለለ፡
ንሎሚ ግን እዛ ሓጻር ግጥሚ እናሃትለ።

ዝኽሪ ነቶም ብርሃን ዝዓደሉና ሰማእታትና፡
ሞጎስ ነውሓስቲ ሃገር ምክልኻል ሓይልታትና።
ጽንዓት ንመንግስትን ህዝቢ ኤርትራን።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።